# ብዛዕባ ኮሮናቫይረስ 2019 (COVID-19) ክትፈልጥዎ ዘለኩም

COVID 19 CORONAVIRUS DISEASE

## ኮሮና ቫይረስ ሕማም 2019 (COVID-19) እንታይ እዩ?

ኮሮና ቫይረስ ሕማም 2019 (COVID-19) ካብ ሰብ ናብ ሰብ ክመሓላለፍ ዝኽእል ናይ ስርዓተ ምትንፋስ ሕማም እዩ። COVID-19 ዘስዕብ ቫይረስ ሓድሽ ኮሮናቫይረስ እዩ ንመጀመርርያ ግዜ ድማ ኣብ ዉሃን፣ ቻይና ኣብ ዝነበረ ለበዳ ኣብ ዝተገበረ ምርመራ ተረኺቡ።

## ኣብ U.S. ዘለዉ ሰባት ብ COVID-19 ክተሓዙ ይኽእሉ ዶ?

እወ COVID-19 ኣብ ሓደ ሓደ ናይ ዩናይትድ ስቴትስ ቦታታት ካብ ሰባት ናብ ሰባት እንዳተመሓላለፈ ይርከብ። ብ COVID-19 ናይ ምጥቃዕ ሰፊሕ ዕድል ዘለዎም ሰባት ምስ ፍሉጥ COVID-19 ዘለዎ ሰብ ቀረባ ዝኾኑ ሰባት እዮም፣ ንኣብነት ጥዕና ክንክን ወሃብቲ፣ ወይ ናይ ቤተ ሰብ ኣባላት። ካልኦት ናይ ምጥቃዕ ሰፊሕ ዕድል ዘለዎም ሰባት ናይ COVID-19 ስርጭት ብሰፊሑ ኣብ ዝርአየለን ከተማታት ዝነብሩ ወይ ኣብ ቀረባ ግዜ ኣብኡ ዝነበሩ ሰባት እዮም። ስርጭት ዝረአየለን ቦታታት ብዝምልከት ዝበለጸ ሓበሬታ ንምርካብ https://www.cdc.gov/coronavirus/2019-ncov/about/transmission.html#geographic.

## ናይ COVID-19 ኬዝ ኣብ U.S. ክሳብ ሕጂ ተራእዩ ዶ?

እወ እቲ ናይ መጀመርያ ናይ ዩናይትድ ስቴትስ COVID-19 ኬዝ ጃንዋሪ 21፣ 2020 እዩ ተሓቢሩ። ኣብዚ ግዜ እዚ ዘሎ ናይ COVID-19 ኣብ ዩናይትድ ስቴትስ ዘሎ ቆጸራ ኣብ CDC's መርበብብ ሓበሬታ ብ https://www.cdc.gov/coronavirus/2019-ncov/cases-in-us.html ምርኣይ ትኽእሉ።

## COVID-19 ብኸመይ ይመሓላለፍ?

እቲ COVID-19 ዘስዕብ ቫይረስ መጀመርየይኡ ካብ እንስሳ ዝመጸ ክኸውን ይኽእል፣ እንተኾነ ግ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ይመሓላለፍ እዩ ዘሎ። እዚ ቫይረስ ቀርበት ኣብ ዘለዎም ሰባት እዩ ብዋናነት ዝመሓላለፍ (6 ጫማ ርሕቀት ውሽጢ) ዝተለኸፈ ሰብ ክስዕል ከሎ ወይ ከሀንጥስ ከሎ ብዝወጹ ናይ እስትንፋስ ነጠብጥ እዩ ድማ ዝመሓላለፍ። እቲ ቫይረስ ዘለዎ ኣቕሓ ወይ ቦታ ብኢዱ ነኺኡ ዝኾነ ሰብ ኣፉ፣ ኣፍንጫኡ፣ ወይ ዓይኑ እንተነኺኡ እውን COVID-19 ክሕዞ ይኽእል እዩ፣ እንተኾነ ግን እዚ እቲ ዋና ናይቲ ቫይረስ መተሓላለፊ መንገዲ ኣይኮነን። ብዛዕባ እዚ ሓድሽ ናይ ኮሮናቫይረስ ናይ ምትሕልላፍ መንገዲታት ብዝምልከት ዝበለጸ ሓበሬታ ንምርካብ https://www.cdc.gov/coronavirus/2019-ncov/about/transmission.html.

## ናይ COVID-19 ምልክታት እንታይ እዮም?

ናይ COVID-19 ሕሙማት ካብ ንእሽተይ ክሳብ ከቢድ ናይ ስርዓተ ምትንፋስ ሕማም ኣጋጢምዎም እዩ ምስ ዝስዕቡ ምልክታት

- ረስኒ
- ሰዓል
- ትንፋስ ምሕጻር

## እዚ ቫይረስ ዘኸትሎም ዝኸፍኡ ተደረብቲ ሕማማት እንታይ እዮም?

ሓደ ሓደ ሕሙማት ኣብ ክልቲኡ ሳንብኦም ኒሞንያ ይህልዎም፣ ብዙሓት ኦርጋናት ምስራሕ ደው የብሉ ኣብ ሓደ ሓዲኦም ድማ ሞት የጋጥም።

## ዓርሰይ ብኸመይ ክከላኸል ይኽእል?

ሰባት ካብ ናይ ስርዓተ ምትንፋስ ሕማማት ዓርሶም ብመዓልታዊ ናይ ምክልኻል ተግባራት ክሕልዉ ይኽእሉ።

- ምስ ዝሓመሙ ሰባት ምቕራብ ኣውግዱ።
- ኢድኩም ከይተሓጸብኩም ዓይንኹምሙ ኣፍንጫኹምን ኣፍኩምን ኣይትሓዙ።
- ኣእዳውኩም ኩሉ ግዜ ብሳሙና ማይን እንተንኢሱ ን 20 ደቓይቕ ተሓጸቡ። ሳሙናን ማይን ምርካብ ዘይትኽእሉ እንተኾይንኩም እንተንኢሱ 60% ኣልኮል ዘለዎ ናይ ኢድ ሳኒታይዘር ተጠቐሙ።

## እንተሓሚምኩም፣ ናይ ስርዓት ምትንፋስ ሕማማት ናብ ካልእ ንዘይምትሕልላፍ፣ እዞም ዝስዕቡ ግበሩ

- ክትሙ ከለኹም ገዛኹም ኮፍ በሉ።
- ከስዕለኩም ከሎ ወይ ከሀንጥሰኩም ከሎ ብሶፍት ሽፍንዎ፣ እቲ ሶፍት ድሕሪኡ ናብ ጎሓፍ ደርብይዎ።
- ብተደጋጋሚ ዝንክኡ ኣቑሑ ወይ ቦታታት ኣጽርዩ ወይ ዲስኢንፌክት ግበሩ።

## COVID-19 ዝሰራጨወሉ ናብ ዘሎ ቦታ ኣብ ቀረባ ግዜ ተጓዒዘ እንተነይረ እንታይ ክብር ኣለኒ?

ካብ ዝተለኸፈ ቦታ እንተተጓዒዝኩም፣ ን 2 ሰሙናት ዝኸውን ኣብ ምንቅስቓሳትካ እገዳ ክግበረልኩም ይኽእል። ኣብዚ ግዜ ንሱ ምልክታት እንተማዕቢልኩም (ከም ረስኒ፣ ሰዓል፣ ትንፋስ ምሕጻር)፣ ሕክምና ኺዱ። ቅድሚ ምኻድኩም ናብ ናይ ጥዕና ክንክን ወሃቢኹም ቢሮ ደውሉ፣ ብዛዕባ ጉዕዞኹምን ምልክታትኩም ንገርዎም። ካልኦት ሰባት ንሕማምኩም ተቓላዕቲ ከይኮኑ ብኸመይ ሕክምና ክትረኽቡ ከምትኽእሉ መምርሒ ክህቡኹም እዮም። እንተሓሚምኩም፣ ምስ ሰብ ምንኽኻእ ኣውግዱ፣ ናብ ደገ ኣይትውጽኡ ጉዕዞ እንተነይርኩም እውን ኣናውሑ ናብ ካልእ ሰብ ምእታይ ከይመሓላለፍ።

## ክትባት ኣሎ ዶ?

ን COVID-19 ክከላኸል ዝኽእል ክትባት ኣብዚ ግዜ እዚ የለን። እዚ ረኽሲ መከላኸሊ ፍቱን መንገዲ፣ ሕማም ምስ ዘለዎም ሰባት ዘይምንኽኻእን ኣእዳውኩም ብተደጋጋሚ ምሕጻብን እዩ።

## ሕክምና ኣለዎ ዶ?

ን COVID-19 ዝኸውን ጸረ ቫይረስ የለን። COVID-19 ዝሓዞም ሰባት ምልክታት ንምቕናስ ሕክምና ክኸዱ ይኽእሉ።

Translation provided by

Office of International and Immigrant Affairs

ንዝበለጸ ሓበሬታ: www.cdc.gov/COVID19

CS 314937-A 03/03/2020